## በዓልቲ ቤቱ ንሚኒስተር ዜና ነበር ስርዓት ህግደፍ ኣቶ ባራኺ ገ/ስላሴ ካብ ፖላሶ ተወርዊራ ነብሰ ቅትለት ከም ዝፈጸመት ተሊጹ።

በዓልቲ ቤት ናይ'ቲ ጽገናዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ብምጥላቦም ሃለዋቶም ኣብ ዘይፍለጥ ተሸሪቦም ካብ ዘለዎ ኣባላት ጉጅለ 15 ሓደ ዝኾነ ኣቶ ባራኺ ገ/ስላሴ ዝኾነት ተጋዳሊት ምሕረት ኢዮብ፡ ብ13 ሚያዝያ 2017 ካብ ህንጻ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተወርዊራ ነብሰ ቅትለት ከም ዝፈጸመት ረድዮ መድረኽ ሓቢራ።

ወ/ሮ ምሕረት ኢዮብ ብ12 ሚያዝያ 2017 ማለት ኣብ ድሮ ናይ'ቲ ርእሰ ቅትለት ዝፈጸመትሉ ዕለት፡ ንዕረፍቲ ኢሉ ካብ ውትህድርና ምስ ዝመጸ ወዳ ሰመረ በራኺ፤ ኣብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ዝፍጸም ዘሎ በደላት፡ መወዳእታ ኣልቦ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ካልኦትን ዝምልከቱ ፖለቲካዊ ሽግራት ኣመልኪታ ከተዕልሎ ከም ዝሓደረት፡ ንጽባሒይቱ ማለት ብ13 ሚያዝያ 2017 ኣደኣን ክልተ ደቃን ካብ ስራሕ ተመሊሳ ክትመጽኦም እናተጸበዩ እንከለው ናይ'ዚ ዘሕዝን ተረኽቦ መርድእ ከም ዝመጽኦም እታ ረድዮ ኣረጋጊጻ።

ሃንደበታዊ ሞት ወ/ሮ ምሕረት ኢዮብ ዝሕብር መርድእ ማዕከናት ዜና እቲ ስርዓት ብትእዛዝ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደን 'ተጋዳሊት ምሕረት ብዝሓደራ ሕማም ኣብ ውሽጥን ወጻእን ክትሕከም ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ መበል 65 ዕድመኣ ተሰዊኣ ብዝብል ተቐንባቢሩ ክዳሎን ክቃላሕን ከም ዘለዎ መምርሒ ከም ዝተመሓላለፈን ብከምኡ ድማ ንህዝቢ ከም ዝተሓበረን ገሊጻ።

እቲ ሃንብደታዊ ሕልፈተ ህይወት ብዙሓት ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ኣብ ዝነበርሉ ከም ዝተፈጸመ፡ ጉጅላዊ ስርዓት ግን ብዝሓደራ ሕማም ዝብል ዜና ምቅላሑ ከም ስርዓት ምጥስጣሱን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ሕሉፍ ንዕቀት ከም ዘመልክትን ግልጺ ገይራ።

## 21 ኤርትራውያን ብሓገዝ ፖሊስ ሱዳን ካብ ኢድ ነጋዶ ሰብ ነጻ ወጺኦም።

መራኸቢታት ሃገረ ሱዳን ኣብ ዝዘርገሓኦ ዜና፡ ምስ ኤርትራ ኣብ ዘራኽብ ዞባ ከሰላ፡ ብነጋዶ ሰብ ተጨውዮም ደሃዮም ጠፊኡ ዝጸንሐ ሰለስተ ትሕቲ ዕድመ ዝርከብዎም 21 ኤርትራውያን ብምትሕብባር ፖሊስ፣ ሰራዊትን ጸጥታን ነጻ ከም ዝወጹ፡ ኣብ ዝተኻየደ ስርሒት፡ ሽውዓተ ኣሰጋገርቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣተውን ወሲኾን ኣረዲኣን።

ሓላፊ ናይ'ቲ ስርሒት ዝኾነ ኮማንደር ፖሊስ ሓሰን መጀመርያ 21 ኤርትራውያን ደሃይ ከምዘጥፍኡ፡ ደሓር ድማ ኣበይ ከባቢ ከም ዘለዎ ብዝረኸብናዮ ሓበሬታ መሰረት ቅጽበታዊ መጥቃዕቲ ኣካይድና ከነድሕኖም ምኽኣልና ሓንስ ይስመዓና ከም ዝበለን ጸብጺባን።

## ከተማ ሓጋዝ ግዳይ ኣዕናዊ ፖሊሲ ኮይና።

መንግስቲ ህግደፍ፣ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ሓያሎ ከባቢታት ኤርትራ ከካይዶ ዝጸንሐ ምዕናይ ኣባይቲ፣ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰሙን ከተማ ሓጋዝ ዘይሕጋዊ ብዝብል ሽፋን ብርክት ዝበለ ኣባይቲ ብመደብ ብዶዘራት ከም ዝፈረሰን፡ ግዳያት ገለ ኣብ ቤተ-ሰቦም ገለ ድማ ምስ ህጻናትን ኣዴታትን ኣብ ጎልጎል ተደርብዮም ከም ዝርከቡን ረድዮ ኤረና ኣፍሊጣ።

እቲ ናይ ዕንወት መደብ ብ10 ሚያዝያ 2017 ከም ዝተፈጸመ፡ ልዕሊ 100 መራሕቲ ስድራ ጨቐቕ ኢሎም ዝሃነጽዎ መንበሪ ኣባይቲ ዝፈረሶም ወገናት ተቓውሞ ከየስምዑ ብምስጋእ፡ እቲ መንግታዊ ጉጅለ ኣባላት ሰራዊት ከም ዘዋፈረን ሓቢራ።

ጉጅላዊ መንግስቲ፡ ዘይሕጋዊ ብዝብል ሽፋን ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ኣስታት ክልተ ዓመት ነቲ ብሕጋዊ መንገዲ ብፍቓዱ ዝተሰርሐ ኣባይቲ ከይተረፈ፡ ብዘይፍቓድ'ዩ ተሰሪሑ ብዝብል ሽፋን ብኣሽሓት ዝቑጸር ኣባይቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ከም ዝፈረሰን ብርክት ዝበላ ተኻሪየን ክንበራ ዘኽእል ዓቕሚ ዘይብለን ስድራ ቤታት ኣብ ከቢድ ጸገም ወዲቐን ከም ዝርከባን ኣብሪሃ።

ብካልእ ዜና ኣብ ኤርትራን ሶማሊያን ዝካየድ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ኣጽዋር ንምቁጽጻር፡ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝቆመት ሽማግለ፡ ነቲ መንግስቲ ህግደፍ ካብ ሰሜን ኮርያ ዝሸመቶ ኣጽዋር ኲናት ዝምልከት ዝርዝር ሓበሬታ ብ13 ሚያዝያ 2017 ንቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ዘቕረበትን ረድዮ ኤርትራ ወሲኻ ኣቃሊሓ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 19-04-2017